# ንዝኽሪ ተጋዳላይ ዘርእሰናይ ተወልደ ቀላቲ፣





ብርግጽ ሰብ መዋቲ ታሪኽ ግን ነባሪ እዩ ! ተቃላሳይ አይነብርን እዩ እንታይ ድኣ እቲ ሒዝዎ ዝጸንሔ ቅኑዕን ፍትሕውን ፍትሓዊ ዕላማ ህዝቢ ግን፡ በቶም ዝተረፉ አብ ቀልሲ ዘለዉ ጽኑዓትን ተባዓትን ተቃለሲቲ ናብ ፍጹም ዓወት ከምዝብጽሕ አየጠራጥርን።

እቶም ኣብ ጽንኩር መድረኽን ብ ሰለስተ መኣዝን ተኹሲ እናተኸፈተሎም ንኩሉ መዋጥር በዲሆም ካብ መስዋእቲ ዝተረፉ፤ ናብ ዓዲ ሰላም ብየዘይ ድልየቶም ዝኣተው ተቃለስቲ፤ ናይ ሕልና ዕረፍቲ ኣይረኸቡን። ክሉ ግዜ ምስ ስውኣት ብጾቶምን ብ ንእስነቶም ዝተበገስሉ ሃገራውን ሰውራውን ዕላማ ንኽልኢት ኣኺ ኣብ ህይወቶም ኣይ ኣዕረፎምን፣ እነሆ ክሳብ ግብኣተ መሬት ይዋድቅሉ ኣለው ።

ብጉዳይ ህዝቡን ሃገሩን እንዳ ተቃለሰ ዝሐለፈ ሐርበኛ ዘርእሰናይ ተውልደ ኣባል ክፍሊ ሓለዋ ጸጥታ ዶባ ኣብ ምብራቃውን ምዕራባውን ኤርትራ ተመዲቡ ተቃሊሱ እዩ። እዚ ክፍሊዚ ኣዝዩ ተኣፋፍን ጽንኩርን ምንባሩ ንኹሉ ብሃገሩን ብውድቡን ዝግደስን ዝሓልን ዝስሓት ኣይኮነን።

ግንባር መነኹሰይቶ ፣አኽራን ጾሮናን ፣ ላዕላይ ጋሽ ባድመ ክሳብ ልጅ ጫፍ ተክዘ ዘጠቓለለ ምስቲ ኣብቲ ግዜቲ ዝነበረ ን ሰለስተ ኣርባዕተ ውደባትን ሰራዊት ደርግን ን ሓደ ንኡስ ክፍሊ ከጋጥም ዝኽእል ብድሆታት ናይ ግዚኡ ፈተነ ቃልሲ እዩ ክብሃል ይክኣል። ኣብዚ ክልዝን ክፍልን እዩ ነይሩ መቃለሲ ባይታ ዘርእሰናይ ። ኣብዚ መድረክ’ ዚ ግን ኣይተሰውኤን።

ዘርእስናይ ተወልደ ቅድሚ ን ሃገረ ኣመሪካ ምግዓዚ ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ሃገረ ጀርመን ኣብ ዝነብረሉ ዝነበረ እዋን ከም መቀጸልታ ንብረታዊ ቃልሱ፤ ብምቅጻል ንፍትሕን ግዝእት ሕግን ተቃሊሱ እዩ።

ዘርእሰናይ ኣብ ቃልሲ ዘንበሮ ዕግበትን ሓቦን ንሃገርን ልዕላውነት ሕግን ርድኢቱ ልዕሊ ውድብ እዩ ነሩ። ዘርእሰናይ ንዕግበታቱ ኣብ ሃገራውነንት ፍትሕን ብጽኑዕ ሞጎተን መኸትን ብዘይ ምውልዋል ዝግጥመን ልዕልነት ክብርን ሃገር ልዕሊ ኩሉ ዘቀምጥ ፍትሔይና ሃገራዊ እዩ ነይሩ።

ባዓል ኒሕን ሓቦን ዘርእሰናይ፣ ኣብ ቃልስን ማሕበራዊ ዝምድናታትን ብብሉጽ ልቦናን ሓቦን ኒሕን ዝቃለስን ዘዋሃህድን ብ ባህሉ ሕብረትሰባዊ ክብራታቱን ተኣንዳቱ ዝቃለስ ተባዕ ወድ ህዝቢ ብቃልሲ ሓሊፉ። ለጋስን ርህሩን፣ ሓቀይናን ግዱስን፣ ሓጋዚ ንዝተጸገሙን ኣብ ርእሲ ምኺኑ ፣ስስዕትን በለጽን ክድዓትን ቂምን ዘውግን ዘይቅበል በዓል ኒሕ እዩ ነሩ።

ዘርእሰና ኩሉ ህይወቱ ቃልሲ እዩ ነሩ። ንቃልሲ ሕድገታት ኣይገበረሉን፣ ንሕይወት ብስስዕቲ ኣይገጠማን። ኒሕን ሓቦን መኸትን ጽንዓትን ንጉዳይ ህዝብን ሃገርን ከይገደፈን ነታ ብቅንዕና ሓሊፉ።እታ ዝዓበየላን ዝተቃለሰላን ዝናፍቃን ሃገሩ ተመሊሱ ከይረኣያ፣ ዕትብቱን እስከርየኑን ተፈላልየን ተቀቢረን።

ንሓወይን ዓርከይን ብጻየይን ፍትሔይና ዘርእሰናይ ተወልደ ቀላቲ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ።

ጽንዓት ንኹሉም ቤተሰቡን ፈተውቱን ብጾቱን ።

ብሰላም ዕረፍ !!!!